# ዝጣየሽ ዘሎ ኣማኻሪ ካውንስል ትግራይ<br>እንታይ ክኾን ኣለዎ? ኸመይ?

ዶ/ር ገብረሚካኤል ገ.  ዘርኣፅዮን

**ኦክቶበር 30 ፤ 2023**

## ትሕዝቶ

መእተዊ ........ 2
ግደ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ምምስራት እቲ ካውንስል ........ 2
ፍሉይ ውክልና ተመዛበልቲ፣ ብሄረሰባት ኢሮብን ኩናማን፣ ጉድኣት ኹናትን ድያስፖራን ........ 3
ንድፊ (Road map) ምጥያሽ እቲ ካውንስል ........ 3
ኣብ ደለይቲ ለውጢ መዳርግቲ ኣካላት ዝረኣዩ ፀገማት ........ 4

## መእተዊ

ኣብዙ ቐረባ ግዜ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ ነቲ ብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝፈረሰ ቤት ምኽሪ ትግራይ ዝትክእ ኣማኻሪ ካውንስል ከምዝጣየሽ ዕላዊ ጌሩ ኣሎ። እዚ ብጣዕሚ ደስ ዘብል ውሳነ እዩ። ከምዚ ዓይነት ካውንስል ክጣየሽ ኣብ እዋን ኹናት ጀሚሩ ብዙሓት ግዱሳት ተገሩ እናሓበሩ መፂኦም እዮም ግን ኣይተተግበረን። ሐዚ እቲ ግዝያዊ መንግስቲ ከምኡ ምውሳኑ ግና ደስ ዘብል እዩ። እዚ ነቲ ግዜ ዝጠልቦን ኹልና ተጋሩ እንደልዮን ምምስራት ሓቐፍን ብቑዕን መንግስቲ ከም መእተዊ በሪ ኾይኑ 'ውን ከገልግል ዝኽእል እዩ።

እዚ ካውንስል ስልጣንን ብቕዓትን ዘይብሉ መሳርሒ እቲ ግዝያዊ መንግስቲ ተገይሩ ከይጣየሽ ናይ ኹሎም መዳርግቲ ኢኣካላት ከምኡ 'ውን ናይ ኹልና ተጋሩ ሓላፍነት እዩ። እቲ ካውንስል ብሓደ ጉጅለ ወይ ውድብ ዝተዓብለለ ከምኡ 'ውን ኣብ መሬት ዝወርድ ስልጣን ዘይብሉ ኾይኑ እንድሕር ተመስሪቱ፣ ተመስረተ ኣይተመስረት ለውጢ ኣይክህልዎን።

ዋላ ነቲ ፈጻሚ ኣካል ንምምቁጽጻር ዘኽእሎ እኹል ስልጣን ዘለዎ ኾይኑ እንተተመስረት 'ውን ግን ትግራይ ካብቲ ኣትያቶ ዘላ ሓደጋ ንምውጻእ ዘኽእል ፖለቲካዊ ለውጢ ግን ሐዚ 'ውን ኣይክኸውንን። ኣቲናዮ ዘለና ሽግር መሰረታዊ ዝኾነ ናይ'ቲ ፈጻሚ ኣካል ለውጢ ዝጠልብ እዩ። ስለዚ ጠለብና ኺይዱ ኺይዱ ነቲ ዋና ስልጣን ዘለዎ ፈጻሚ ኣካል (ኣብዙ እዋን 'ዚ እቲ ካብኔ ግዝያዊ መንግስቲ) ብመሰረታውነት ተቐየሩ ሓቖፍን ብቑዕን ክኸውን ምግባር እዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብኡ ንምብፃሕ ግን ምምስራት 'ዚ ካውንስል 'ቲ ናይ መጀመርታ ስዳሮ እዩ።

ስለዚ ናይ መጀምርታ ስራሕና ክኸውን ዘለዎ እቲ ካውንስል ሓቖፍን ናይ ብሓቂ ስልጣን ዘለዎን ኾይኑ ክምስረት ምግባር ክኸውን ከሎ ንሱ ምስኣሳኻዕና ድማ ነቲ ፈጻሚ ኣካል (ካብኔ መንግስቲ) ከምኡ ሓቋፍን ኹለመዳያዊ ዓቕሚ ዝወነነን ንምግባር ንሰርሕ ማለት እዩ። ስለዚ እዚ ፅሑፍ እዚ እቲ ካውንስ ብኸመይ ስልጣንን ዓቕምን ዘለዎ፣ ከምኡ ድማ ሓቖፊ ጌርና ንምስርዖ ኣብ ዝብል ዘተኮረ እዩ ክኸውን። ከመይ? ዝብል ሕቶ ቕድሚ ምምላስና እቶም ነዚ ስራሕ ክሰርሑ ትፅቢት ዝግበረሎም መዳርግቲ ኣካላት(stakeholders) ኣሽማቶምን ክጻወትዎ ዝግብእ ግደን ዘርዚርና ንረዳእ። እቶም መዳርግቲ ኣካላት ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ተነሓናሕቲ ውድባት፣ ስቪል ማሕበራት፣ ከምኡ 'ውን ምሁራት እዮም። ናይዚኣቶም ግደ ኣብ ምምስራት እቲ ካውንስል እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ድም ከምዝስዕብ ንርአ።

## ግደ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ምምስራት እቲ ካውንስል

1. <u>ግደ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ</u>

ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት እቲ ጉልበት ዘለዎ ሓይሊ እዩ። ኣብ ትሕቲኡ ናይ መንግስትን ፀጥታን መሓውራት ኣለውዎ። ጉልበት ዘለዎ ሓይሊ ስለዝኾነ ድማ ነቲ መስርሕ ምጥያሽ ካውንስል ክዕብልሎ፣ ክጨውዮ ተኽእሎ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ድማ እቲ ዝምስረት ካውንስል ሓቖፊ ዘይኮነስ ዓብላልነት እቲ ግዝያዊ መንግስቲ ዘለዎ፣ ብቕዓትን ስልጣንን ዝወነነ ዘይኮነስ መሳርሒ እቲ መንግስቲ ክኸውን ይኽእል ማለት እዩ። እዚ ንከይኸውን ተሳታፎን ዓቕምን ናይቶም ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ወሳኒ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ግደ እቲ ግዝያዊ መንግቲ ከምዝስዕብ ምጥቕላል ይከኣል።

- ኣድላይነት ምእካብ ዓቕሚ ተረዲኢኻ እቲ ካውንስል ሓቖፊ ንክኸውን ብቕንዕና ምስራሕ።
- ነቲ መስርሕ ምጥያሽ ካውንስል ይኹን ነቲ ዝጣየሽ ካውንስል ንምዕብላል ዘይምፍታን።
- ነቶም ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ከም መሓዙት ማዕረ ሚዛን (equal partners) ወሲድካ ብስስምዕን እንካ ሃባን ምስራሕ …ወዘተ።

2. <u>ግደ ተነሓናሕቲ ውድባት ትግራይ</u>

ተነሓናሕቲ ውድባት ከም መጠን ወከልቲ ባህጊታት 'ዚ ሓዱሽ ወለዶ ኣብዙ መድረኽ ምጥያሽ ካውንስል ዕዙዝ ተራ ክፃወቱ ኣለዎም። ኣብቲ ካውንስል ዝህልዎም ውክልናን ፅልዋን ድማ ብመጠን ዕብየት ውድባቶምን በዝሒ ኣባላቶምን ዘይኮነስ ብመጠን ዝውክልዎ ባህግን ኣተሓሳስባን ክኸውን ኣለዎ። ብመሰረት 'ዚ ግደ ተነሓናሕቲ ውድባት ኣብ ምጥያሽ 'ዚ ካውንስል ከምዝስዕብ ብሓጺሩ ምቕማጥ ይከኣል።

- ናይ መሪሕነት ተበግሶ ወሲድካ መጀመርታ ምስ ስቪል ማሕበራትን ምሁራትን ዘተ ምክያድ
- ቀጺሉ ምስ ስቪል ማሕበራትን ምሁራትን ኮይንካ ንግዝያዊ ምምሕዳር ይኹን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ናብ ናይ ሓበራዊ ናይ ምርድድዳእ መድረኽ ምዕዳም።
- ግዝያዊ መንግስቲ ጉልበቱ ተጠቒሙ ነቲ መስርሕን ውፅኢቱን ከይዕብልሎ ብትብዓት ምስራሕ
- ውድባት ነኒባዕለን ይኹን ምስ ስቪል ማሕበራትን ምሁራትን ኣብ ጉዳይ ምጥያሽ እዚ ካውንስል ዝጠበቐ ናይ ስራሕ ግምባር ምፍጣር።

3. <u>ግደ ሲቪል ማሕበራት</u>

ስቪል ማሕበራት ሓደ ማሕበረሰብ ናብ ዝሓሸ ኹነታት ንክልወጥ ዝተፈላለየ ናይ ለውጢ ኣጀንዳታት ሒዘን ዝቃለሳ ማሕበራት እየን። ገሊአን ናይ ዴሞክራሲ ሕቶ፣ ገሊአን ናይ ፍትሒ ሕቶ፣ ገሊአን ናይ ኢኮኖምያዊ ተጠቃምነት ሕቶ ወዘተ ሒዘን ይቃለሳ። እዞም ሕቶታት እዚኦም ፈተና ከይፈተና ምስ ፖለቲካ ዝተኣሳሰሩ እዮም። እተን ማሕበራት ነቲ ሕቶአን ብዝሓሸ ክምልሰልና ይኽእል እዩ ንዝበለኦ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ውድባት ከድግፋ ካዓ ምኽንያታውን ንቡርን እዩ።

ብኽምዚ ስቪል ማሕበራት ብተዘዋዋሪ ኣብ ፖለቲካ ዓብዪ ተሳትፎ እዩ ዘለወን። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ምጥያሽ እዙ ተሓሲቡ ዘሎ ካውንስል ዕዙዝ ተራ ክጻወታ ይኽእላ እየን። ስቪል ማሕበራት ኣብ ምጥያሽ እዚ ካውንስል ዝስዕቡ ግደታት ክጻወታ ኣለወን።

- ናይ ኣተሓባበሪነትን ኣወሃሃድነትን ግደ። ኣብ ሞንጎ መዳርግቲ ኣካላት ምጥያሽ ካውንስል ክግበሩ ዘለዎም መድረኻት ምድላው። ከምኣብነት ኣብ ሞንጎ ተናሓናሕቲ ውድባት፣ ስቪል ማሕበራትን ምሁራትን ዝግበር ናይ መጀመርታ ርክብ። ከምኡ ‘ውን ኹሎም መዳርግቲ ኣካላት ዝሳተፍሉ መድረኽ…ወዘተ ምድላው።
- ናይ ኣታዓራቒነት ግደ። ዝ/ዩ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ብፅሒት እቲ ካውንስል ይኹን ካልኦት ነጥብታት ዘይምስምማዕ ምስዘጋጥም ስቪል ማሕበራት ከም ሞንጎኛታት ከሻማግላን ከዛትያን ይኽእላ።
- ንኣዳላዊት ኮሚተ ዝሕጸዩ ኣባላት ከቕርባ ይኽእላ። እቶም ኣባላት ኣዳላዊት ኮሚቴ ብሓበራዊ መድረኽ እቶም መዳርግቲ ኣካላት ዝምረጹ ኾይኖም ብዝሓሸ ዘይሻራውያን እዮም ዝበሃሉ ምናልባት ‘ውን ካብ ስቪል ማሕበራትን ምሁራትን ክሕጸዩ ይኽእሉ።

4. <u>ግደ ምሁራት፡</u>

ምሁራት ኣብቲ ምምስራት ካውንስል ቴክኒካውን ሙያውን ደገፍ ብምግባር ኣብቲ መስርሕ ዓብዪ ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ። ከምኡ’ውን ከከም ዝንባልኦም ወይ ኣካል ‘ቲ ዝምስረት ካውንስል ንምኺን ወይ ‘ውን ኣባላት እታ መዳለዊት ኾሚቴ ብምኺን ኣዎንታዊ ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም። ከምዝስዕብ ድማ ምጥቕላል ይከኣል።

- ናይ ደጋፍነት ግደ። ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቐሰ ቴክኒካውን ሙያውን ደገፍ ምግባር ።
- ናይ ተሳታፍነት ግደ። ኣካል እቲ መስርሕን እቲ ዝጣየሽ ካውንስልን ብምኺን፣ ንመዳለዊት ኮሚቴ ኣባላት ብምውጻእ … ወዘተ። ፃውዒት ፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪል ማሕበራትን ተቐቢሎም ኣብ ሓበራዊ መድረኻት ምስታፍ።

## ፍሉይ ውክልና ተመዛበልቲ፣ ብሄረሰባት ኢሮብን ኩናማን፣ ጉድኣት ኹናትን ድያስፖራን

ኣብ ትግራይ ኹሉ ህዝብና ከም ህዝቢ ማእለያ ዘይብሎም ሽግራት ተሸኪሙ ዝነብር ዋላ ‘ኳ እንተኾነ ብፍሉይ እቲ ሽግር ልዕሊ መጠን ዝተሸከሙ ኣካላት ሕብረተሰብና ግን ኣለዉ። ንሳቶም ድማ ተመዛበልቲ፣ ተወለድቲ ኢሮብን ኹናማን ከምኡ ‘ውን ጉድኣት ኣካል ኹናትን እዮም። ተመዛበልትና ንዓመታት ኣብ በረኻ ተደርብዮም ኣብ ልዕሊ ምህላዎም ናብ ዓዶም ዝምለስሉ ግዜ ‘ውን ድሕሪ ኽንደይ ግዜ ከምዝመፅእ ዝፍለጥ ኣይኮነን። እቲ ናይ ተመዛበልትና ሽግር ናይ ኹላትና፣ ናይ ኹሉ ህዝቢ ትግራይ ሽግር ዋላ ‘ኳ እንተኾነ እቲ ናይ ብሓቂ ስምዒትን መጠን ሽግርን ግን ኣብ ዝባኑ ዝበፅሖ ሰብ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ።

ንብሄረሰባት ኢሮብን ኩናማን ዝልከት ‘ውን ምስ ተግባራት ህግደፍ ተኣሳሲሩ ኣብ ብሄረሰባዊ ሓደጋ ፅንተት ዘለዉ ብሄረሰባት እዮም። ካልእ ካዓ ግዱኣት ኩናት ትግራይ ዘለውዎም ጸገማት በዝሓምን ዕምቆቶምን ካብ ናይ ኹሉ ኣካል ሕብረተሰብና ይፍለዩ እዮም።

ስለዚ እዞም መጠን ሽግራቶም ኣዝዩ ዝተፈለየ ኣካላት ሕብረተሰብና ማለት ‘ውን ተመዛበልቲ፣ ብሄረሰብ ኢሮብን ኩናማን ከምኡ ‘ውን ጉዱኣት ኹናት ድምጾምን ጠለባቶምን ምእንቲ ብመንግስቲ ደረጃ ኣፅቢቑ ክስማዕ ኣብቲ ካውንስል ብፍሉይ ጠመተ ተዋሂብዎም እኹል ውክልና ክወሃቦም ኣለዎ።

ድያስፖራ ትግራይ ‘ውን ብፍሉይ ተራእዩ እኹል ውክልና ክወሃቦ ዘለዎ ኣካል እዩ። ዕላማ ናይዚ ድማ ኣብ ዳስፖራ ዘሎ ዓብዪ ዓቕሚ ትግራይ ብኣግባቡ ንምጥቃም እዩ። ኣብ ድያስፖራ ዘሎ ትግራዋይ ኹነታት ብዝፈጠረሉ ኣጋጣሚታት ናይ ዝማዕበላ ሃገራት ኣተሓሳስባታትን ኣሰራርሓታትን ልምድን ተሞክሮን ኣለዎ። ቴክኖሎጂ ካብ ደገ ከምዝተኣታቶ ልክዕ ዝጠቅም ሓሳባትን ልምድታትን ‘ውን ካብ ደገ ምትእትታውን ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ። እዚኣ ንምግባር እቲ መላግቦ ድያስፖራ እዩ። ስለዚ ኣብቲ ካውንስል እኹል ብዝበሃል መጠን ክውከል ኣለዎ።

## ንድፊ (Road map) ምጥያሽ እቲ ካውንስል

- ካብ ግዝያዊ ምምሕዳር ወጻእ ዘለዉ መዳርግቲ ኣካላት መጀመርታ ርክብ ይገብሩ ተነሓናሕቲ ውድባት፣ ስቪል ማሕበራትን ምሁራትን ዘጠቓለለ ሓበራዊ መድረኽ ይኸውን። ውፅኢታውን ሓጺርን ክኸውን ምእንቲ ብኣመራርሓ ደረጃ ዝግበር ርክብ ተዝኸውን ይምረፅ። እዚ መድረኽ ብተበግሶ ስቪል ማሕበራት ክዳሎ ይኽእል። ኣብዚ ርክብ ክዕመሙ ዝኽእሉ ዕማማት ድማ፣
    - ምስቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ናይ negotiation ዓቕሞም ክውስኽ ምእንቲ ትኦም ኣካላት ኣብ መሰረታዊ ኣካይዳታታት (መስርሕ) እቲ ምጥያሽ ከውንስልን መሰረታዊ ባህርያት እቲ ዝጣየሽ ካውንስልን ሓበራዊ መርገፂ ይሕዙ።
    - ኹሎም መዳርግቲ ኣካላት ዘሳተፈ መድረኽ ክዳሎ ንግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ ፃውዒት የቕርቡ።
    - እቲ ንኹሎም መዳርግቲ ኣካላት ዘሳትፍ ሓበራዊ መድረኽ መን የዳልዎ ኣብ ዝብል ‘ውን ሓሳቦም የቕርቡ።

- ኹሎም መዳርግቲ ኣካላት ዘሳተፈ መድረኽ ምኽክር ምድላው። እዚ መድረኽ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳርን እቶም ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ዘካተተ መድረኽ ይኸውን።ብኣመራርሓ መዳርግቲ ኣካላት ደረጃ ዝግበር ተዝኸውን ይምረጽ።
    - መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ገግድኦም ምርድዳእ ይበፅሑ።
    - ኣብ ትሕዝቶን ስልጣንን እቲ ካውንስል ኣድሂቦም ዘተ ይገብሩ።
    - ኣዳሊዊት ኮሚቴ ብመረፃ የጣይሹ።
    - ምስ ኣዳላዊት ኮሚቴ ብቐረባ ዝሰርሕ፣ ዝርዝራት ትሕዝቶን ስልጣንን እቲ ካውንስል ዝቐርፅ ካብ ኩለን እተን መዳርግቲ ኣካላት ዝተውጻጽኣ ሓበራዊ ኮሚቴ ክጣየሽ ክውስኑ ይኽእሉ። እተን መዳርግቲ ኣካላት ድማ ድሕሪ እቲ መድረኽ ውሽጣዊ ኣሰራርሓአን ብዝፈቐዶ ኣሰራርሓ ወከልተን መሪፀን ንኣዳልዊት ኮሚቴ ከፍልጣ ክግበር ይኽእል።
- ምጥያሽ ኣዳላዊት ኮሚተ
  ነቲ ምጥያሽ ካውንስል እትመርሕ ኮሚቴ ማለት እዩ።
    - እንተተኻኢሉ ካብቶም መዳርግቲ ኣካላት ወጻእ ዝኾኑ ዘይሻራውያን ምሁራትን ሰብ ልምድን ንኹሎም መዳርግቲ ኣካላት ብዘሰማምዕ መንገዲ ተዝምረጹ ይምረጽ።
    - ኣብቲ ኹሎም ኣካላት ዝሳተፍሉ ሓበራዊ መድረኽ ይምረፁ።
    - ምስ ሓበራዊ ኮሜተ ብምዝታይን ብምውህሃድን ነቲ መስርሕ ተካይድ፣ ትመርሕ።
- ምጥያሽ ሓበራዊ ኮሚቴ
  እዚ ኮሚቴ ድማ ትሕዝቶ፣ ስልጣን፣ ሓይሊ ሰብን ካልኦት ባህርታትን እቲ ካውንስል ከምኡ'ውን መጠን ተሳትፎ ሕድሕድ መዳርግቲ ኣካላት ምስ መዳለዊቲ ኮሜቴ ብምኧን ንኹሎም መዳርግቲ ኣካላት ወኪሉ ዘርቅቕ ይኸውን።
    - ኹሎም መዳርግቲ ኣካላት መሪፆም ብዝስድዎም ወከልቲ ይምስረት።
    - ምስ ኣዳላዊት ኮሚቴ ብቐርበት ይሰርሕ።
    - እቲ ከውንስል ክሳብ ዝምስረት ንዘሎ መስርሓትን ስራሕትን ምስ ኣዳላዊት ኮሚቴ ብምኧን ይሰርሕ፣ ይከታተል።
    - ኣዳላዊት ኮሚተ ዘይሻራዊ ኾይና ክትቕጽል ብቐርበት ይከታተል።
    - ኣብ ሞንጎ መዳርግቲ ኣካላት ዘይምርድዳእ እንተተፈጢሩ ተዛትዩ ይፈትሕ።

ንድፊ መስርሕ ምጥያሽ ካውንስል ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ብግርድፉ ካብ ረኣናዮ ነቲ እንደልዮ ዓይነት ውፅኢት ንክይመፅእ ተራ ክጸወቱ ካብ ዝኽእሉ ገለ ድኽመታት ናይቶም መዳርግቲ ኣካላት ብፍላይ ድማ ናይቶም ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ኣካላት ድማ ክንርኢ። እዞም ድኽመታት ክንሪኦም ዝደለናሉ ምኽንያት እቶም ኣካላት ድኽመታቶም ክንድዝክኣሎም ኣሪሞም ኣብቲ ዝጣየሽ ካውንስል ዝግብኦም ብፅሒት ምእንታን ክወስዱ እዩ።

## ኣብ ደለይቲ ለውጢ መዳርግቲ ኣካላት ዝረኣዩ ፀገማት

ኣብ ትግራይ እቲ ኹነታት ዝጠልቦ ለውጢ ክመፅእ ኹሎም መዳርግቲ ኣካላት ሓይሎም ፀንቂቖም ክሰርሑ ግድን እዩ። ብፍላይ እቶም ለውጢ ዝብህጉ ኣካላት ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣለዎም። እንተኾነ ለውጢ ዝብህጉ ኣካላት ማለት 'ውን ብቐንዱ ተነሓናሕቲ ውድባትን ስቪል ማሕበራትን ብዙሓት ውሽጣዊ ድኽመታት ኣለውዎም። ካብቶም ድኽመታት እቶም ቀንዲ ጥራይ ከምዝስዕብ ክንጠቅስ።

1. **ተፀባይነት**

ተፀባይነት ናይ ተነሓናሕቲ ውድባትን ስቪል ማሕበራትን ሽግር ጥራይ ዘይኮነ እዚ ሓዱሽ ወለዶ ከም ወለዶ ብገፊሑ ዘጥቀዐ ሽግር እዩ። እዚ ሓዱሽ ወለዶ ምስዚ ኹሉ ጅግንነትን ብልሕን ነገራት ናብ ባዕሉ ወሲዱ ናይ መሪሕነት ተበግሶ ብምውሳድ ዝደለዮ ሓሳብ ኣብ ምስኻዕ ግን ዓብዪ ኽፍተት ኣለዎ። ብዙሕ ግዜ ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ከም ኣያ ብምርኣይ እዩ ዝደልዮ ነገር ክገብረሉ ዝሓትት። ኣብ ፖለቲካ ግን ብልመናን ሓልዮትን ዝኸውን ነገር የለን። ብዝተፈላለዩ መንገዲታት Leverage ሒዝካ ኢኻ ምስ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ተደራዲርካ ብ እንካሃባ ድሌትካ ተተግብር። ሕልፍ እንተኢሉ ድማ ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ካብ ስልጣን ኣሊኻ ድሌትካ ተተግብር። ስለዚ እዚ ሓዱሽ ወለዶ ብሓፈሻ፣ ተነሓናሕቲ ውድባትን ስቪል ማሕበራትን ድማ ብፍላይ ካብ ተጸባይነት ወጺና ነገራት ናብ ኢድና ብምውሳድ እንብህጎ ነገር ክነሳኽዕ ኣለና።

2. **ሕጽረት ተወፋይነት**

እዚ ሓዱሽ ወለዶ ኣንጻር ልፍንታውያን ሓይልታት ፅንተት ዝገበሮ ቓልሲ ብጅግንነትን ተወፋይነትን ዝለዓለ ጠርዙ ከምዝነበረ ኹልና እንፈልጦ እዩ። ይኹን 'ምበር እዚ ኣብ ኹና ዝነበረ ተወፋይነት ኣብ ፖለቲካዊ ቓልሲ ፈጺሙ የለን። ኣብ ፖለቲካዊ ውድባትን ኣብ ስቪል ማሕበራትን ተወዲቦም ዝቃለሱ መናእሰይ ዝብህግዎ ለውጢ ንምምጻእ ቐትርን ለይትን ኣይሰርሑን። ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ተገዲዱ ናብ እንካ ሃባ ክኣቱ ዘኽእል ፀቕጢ ኣይፈጠሩን።

ተነሓናሕቲ ውድባት፣ ስቪል ማሕበራትን ምሁራትን ኣብዚ ዝጣየሽ ካውንስል እቲ ዝግብኦም ቦታ ክረኽቡ እንተኾይኖም እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ድኽመታቶም ኣሪሞም ንግዝያዊ መንግስቲ ዓብዩ ጸቕጢ ክፈጥርሉ ክኽእሉ ኣለዎም።

ተዛዚሙ።

Editor's Disclaimer:

The above opinion piece is written by a contributor and reflects their personal views and perspectives. It does not necessarily represent the views or opinions of the editorial team, publication, or organization behind UMD Media. We believe in providing a platform for diverse voices and opinions, and encourage our readers to engage critically and thoughtfully with the content. As with any opinion piece, the ideas and arguments presented are subject to individual interpretation and debate.

We welcome feedback and constructive discourse on the topics presented in this piece. If you would like to submit a response or share your own perspective, please contact us at umd.media.2020@gmail.com.

Thank you for your continued readership and support.